ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ
ኣሥመራ - ኤርትራ

# እታ ብሥምረት እትጉዓዝ (ሲኖዶሳዊት)፣ ቅድስቲ ስድራ

በዓላት ልደትን ጥምቀትን ፳፻ ታኅሣሥ ፳፻፲፬፣ 7 ጥሪ 2022

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

*"ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፣ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን"* (1ቆሮ 1፡3)።

እግዚኣብሔር ብዓይኒ ምሕረት ስለዝረኣየና፣ እንሆ ሎምዘመን እውን ልደት መድኃኔ ዓለም ከነብዕል ኣብቂዑና። ንኣኡ ወትሩ ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ። ኣብ ሃዋኑው ጉዕዞ ሲኖዶስን ዓመት፣ ቅዱስ ዮሴፍን ስለእንርከብ፣ ኣርእስትን ትሕዝቶን ናይ መልእኽተይ ንቅድስቲ ስድራ ማለት፣ **ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ** ዝምልከት ክኸውን መሪጸ። ካብ ቅድስቲ ስድራ ዝበልጽ ኣብነት ሲኖዶሳውነት ከኣ ኣይንረክብን ኢና። ምስኦም እናተጓዓዝና፣ ካብኣቶም ከኣ ሓቀይና ሓድነትን፣ ሱታፌን ተልእኮን እንመሃር ይግበረና።

ድንግል ማርያም፣ ጓል ኢያቄምን ሃናን፣ ኣብ ናዝሬት ብትሕትናን ብእምነትን ንቡር ሕይወታ እናመርሐት እንከላ እዩ፣ ሓደ መዓልቲ ገብርኤል መልኣኽ፣ ብእግዚኣብሔር ተላኢኹ *"ሰላም ንኣኺ ኦ ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፣ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ"* (ሉቃ 1:28) እናበለ ብዘገርም ቃላት ዝተዛረባ። ንሳ ግን በቲ ትርኢቱን በቲ ዝተዛረቦ ቃላትን ኣዝያ ሰንበደት። *"እዚ ከምዚ ዝበለ ሰላምታስ እንታይ ኮን ይኸውን ኢላውን ሓሰበት"* (ሉቃ 1:29)። ክንድዚ ዝኣክል ሰላምታስ ስቕ ኢልካ ኣይመጽእን እዩ፣ እንታይ ከስዕበለይ ይኽእል ይኸውን? ዝኽእሎ ድዩ ወይ ልዕሊ ዓቕመይ ይኸውን? እናበለት ከተሰላሰልን ክትሓትትን ባህርያዊ እዩ። እቲ መልኣኽ ግን *"ማርያም! ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እም ኣይትፍርሂ፣ እንሆ ክትጸንሲ ወዲ'ውን ክትወልዲ፣ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። ንሱ ዓብይ ኪኸውን ወዲ እቲ ልዑልውን ኪበሃል እዩ"* (ሉቃ 1:30-32)። ጸጋ ረኺብኪ ዝብል ዘረባ፣ ተሓሪኺ፣ ተባሪኽኪ፣ ንሓደ ዓብይ ተልእኮ ተጸዊዕኪ ማለት እዩ። ብሓቂ ከኣ እናና እግዝእትነ ማርያም ካብ ኩለን ኣንስቲ ኣደ መድኃኔ ዓለም ክትከውን ብእግዚኣብሔር ዝተመርጸት ጓል ኣዳምን ሔዋንን እያ። በዚ ምኽንያት እዮም ኣቦታትና እውን ኣብቲ ብስም እግዝእትነ ማርያም ዝጸሓፉዎ ቅዳሴ፣ *"በኣማን ነጸረ፣ እግዚኣብሔር ኣብ፣ እምሰማይ፣ ምሥራቀ ወምዕራበ፣ ሰሜነ ወደቡበ፣ ውስተ ኩሉ ኣጽናፍ ኣስተንፈሰ ወኣጼነወ፣ ወኢረከበ ዘከማኪ፣ ወሠምረ መዐዛ ዚኣኪ ወኣፍቀረ ሰነኪ፣ ወፈነወ ወልዶ ኀቤኪ ዘያፈቅር"*። ብሓቂ እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ካብ ሰማይ ንምሥራቅን ምዕራብን፣ ንሰሜንን ንደቡብን ኣነጺሩ ጠመተ። ኣብ ኩሉ ገኑት ኣሸተተ፣ ከማኺ ግና ኣይረኸበን፣ ንመዐዛኺ ተቐበሎ፣ ንግርማኺ ፈተዎ፣ ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ከኣ ናባኺ ለኣኾ (ቅዳሴ ማርያም፣ ጉስዐ) እናበሉ ድንግል ማርያም ኣብ ናይ መድኃኔ ዓለም ናይ ድኅነት ስራሕ ተሳታፊት ከምዝኾነት ዝገልጹ። እናና እግዝእትነ ማርያም ነቲ እግዚኣብሔር ዝሓተታ ሕቶ ሕራይ ዝብል መልሲ ምስ ሃበት፣ እቲ ዝዓበየ ተኣምር ተፈጸመ። *"እቲ ቃል ሥጋ ኮነ፣ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ከኣ ምሳና ነበረ"* (ዮሓ 1:14)። ነዚ ኢና፣ ኣብ ትምህርተ ክርስቶስ፣ ምሥጢረ ሥጋዌ እናበልና ንጽውዖ። ከም ኣተሓሳስባ ሰብ እንተ ትሓስብ እዚ ተኣምር ምስ ተፈጸመ፣ ማርያም ኮሪዓ ኣብ ገዝኣ ኮፍ ኢላ ክትብጻሕን ክትከብርን ምደለየት። በንጻሩ ግን *"በቲ ጊዜ እቲ ማርያም ንመገሻ ተበገሰት፣ ቀልጢፋ ድማ ንዝባን ይሁዳ ናብ ሓንቲ ዓዲ ደየበት። ናብ ቤት ዘካርያስ ብምእታው ከኣ ንኤልሳቤጥ ሰላም በለታ"* (ሉቃ 1:39)። ኣይንካሪም ካብ ናዝሬት ገለ 120 ኪሎሜተር ይርሕቕ። ማርያም ግን ጸዋሪት ወልደ ኣምላክ ኮይና ነቲ ናይ ድኅነትን ሓርነትን ጥዑም ብሥራት ሸው ንሸው ከተካፍሎ ተበገሰት። በዚ ምኽንያት ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ጥራይ ዘይኮኑ እቲ ገና ኣብ ማኅጸን ኣዲኡ ዝነበረ ዮሓንስ መጥምቕ'ውን ብሓጎስ ተሰራሰረ። ብሓቂ ንመድኃኔ ዓለም እንተተሰኪምካ ኮፍ ኢልካ ክትዛነ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ወትሩ ተጓዓዚ፣ ወትሩ ሓዋርያ፣ ወትሩ መስካሪ፣ ክትከውን ይድርኸካ።

ቅዱስ ማቴዎስ ወንጌላዊ ከምዘዘንትዎ *"ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ከምዚ እዩ፣ ኣዲኡ ማርያም ንዮሴፍ ተሓጺያ ከላ፣ ከይተቓረቡ ብመንፈስ ቅዱስ ጠኒሳ ተረኸበት። ዮሴፍ ሕጹያ ጻድቕ ስለዝነበረ፣ ብንቡእ ኪኃድጋ ደኣ ሓሰበ እምበር ከጋልጻ ኣይደለየን"* (ማቴ 1:18-19)። ዮሴፍ ብሓቂ ኣብ ጸገም እዩ ተረኺቡ። ከም ቅኑዕ ሰብ መጠን፣ ንማርያም ከኣ ብልቢ የፍቀራ ስለዝነበረ፣ ከምዚ ንሕና ብቀሊሉ ንገብሮ፣ ከቃልዓ፣ ከዋርዳ ኣይደለየን። ብውርደታ ክኸብር፣ ወይ ሰብ ክድንግጸሉ ኣይደለየን። በዚ ምኽንያት *"እንሆ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብሕልሚ ተራእዮ፣ ከምዚ ድማ በሎ፣ 'ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፣ እቲ ካብኣ ዚውለድ ብመንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ ንሕጽይትኻ ማርያም ምውሳዳ ኣይትፍራህ፣ ወዲ ክትወልድ እያ ንሱ ከኣ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም እዩ እሞ ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ"* (ማቴ 1:20-21) ይብሎ። ከምቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንማርያም ዓብይ ብሥራት ዘበሠራ ከምኡ ከኣ ንዮሴፍ ነዚ ዘሓጉስ ጥዑም ዜና ነገሮ። ዮሴፍ ከኣ *"ካብ ድቃሱ ተንሲኡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከምዝኣዘዞ ገበረ፣ ንማርያም ሕጽይቱ ወሰዳ"* (ማቴ 1:24)። ከም ክልተ ፍቁራት፣ ማርያምን ዮሴፍን፣ ጥንቁቓት ሰማዕቲ ቃል እግዚኣብሔርን ኣዘዮም ድልዱላት ኣመንትን ተኣዘዝትን ምኳኖም ኢና ንርኢ። ፍቕሮም ኅብረትን ሓድነትን ስለዝሃቦም እትወልደሉ ጊዜ ምስ ቀረበ፣ ቅዱስ ሉቃስ ከምዝብሎ፣ *"ዮሴፍ ድማ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፣ ካብ ገሊላ ካብ ከተማ ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዝነበረት ማርያም ሕጽይቱ ናብ ይሁዳ፣ ቤተ ልሔም ናብ እትበሃል ከተማ ዳዊት ኪጸሓፍ ደየበ"* (ሉቃ 2:4-5)። ዮሴፍ ናይ በዓል ኪዳንን ወላድን ምሉእ ኃላፍነት ስለዝለበሰ ነታ ብጽሕቲ ወርኂ ሕጽይቱ ማርያም ገና ኢየሱስ ኣብ ማኅጸን ኣዲኡ እንከሎ ቅድስቲ ስድራ ኃቢራ እትጉዓዝ (ሲኖዶሳዊቲ) ስድራ ኮነት። ዮሴፍ ነታ ብጽሕቲ ወርኂ ዝኾነት ሕጽይቱን ነቲ ኣብ ማኅጸና ዝነበረ መድኃኔ ዓለምን ብዓብይ ሓልዮት ከሰንዮምን ክከናኸኖምን ጀመረ። ኣብ ቤተ-ልሔም ምስ በጽሑ *"ጊዜ ሕርሳ በጽሐ፣ በኹሪ ወዳ ወለደት፣ ብኣጨርቕቲ እውን ጠቕለለቶ"* (ሉቃ 2:6-7)። ዋዜማ በዓለ ልደት እውን፣ ብዘገርም ቃላት፣ *"ኣሰከቦቶ እሙ ውስተ ጕለ እብን፣ ከደነቶ እሙ ቆጽለ በለሶን ወትቤሎ እሙ፥ ዮም ተወልደ መድኃኔ ዓለም፥ ዮም ተወልደ ከሣቴ ብርሃን"*። -

ኣዴኡ ኣብ በዓቲ እምኒ ኣደቀሰቶ፣ ብቆጽሊ በለስ ከደነቶ፣ ኣዴኡ ሎሚ መድኃኔ ዓለም ተወሊዱ ሎሚ ከሳቴ ብርሃን ተወሊዱ በሉቶ-፣ ብምባል ነቲ ዓብይ ምሥጢር ብገርሀይና ቃላት ይገልጾ። እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ግና ሕዝቢ ቤተልሔም ኮነ፣ ሕዝቢ ኢየሩሳሌም ከምዘይናቶም እዮም ርእየሞ። በዚ ምክንያት ማርያም ንወዳ ምስ ወለደት፣ *"ኣብቲ መንደር ኣጋይሽ ሥፍራ ስለዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ"*(ሉቃ 2:7)። እቶም ኣብ በረኻ ዝነበሩ ጓሶት እንተዘይኮይኑ ካልእ ክበጽሖም ዝመጸ ወይ ብኩነታቶም ዝተገደሰ ኣይነበረን። ንሳቶም ከኣ *"ከምቲ ዝተነግሮም ኮይኑ ስለዝረኸቡዎ፣ ስለቲ ዝሰምዑዎን ዝረኣዩዎን ኩሉ ንኣምላኽ እናኸበሩን እናወደሱን ተመልሱ"* (ሉቃ 2:20)። ኣብዚ እዋን ልደት እምበኣር ብፍላይ ንስደተይናታትን፣ ነቶም ዘዕርፉሉ መንደሪ ዝሰኣኑን ብፍሉይ ንዘክሮም። ንስኡን ምሕጋዝ ንኢየሱስ ሕጻን ኣብ ልብኻ ምቕባል ማለት እዩ።

ማርያምን ዮሴፍን ኃቢሮም ንኢየሩሳሌም ከይዶም ከም ልማድ ሕጊ ኪገብሩሉ ንኢየሱስ ሕጻን ናብ ቤተመቕደስ ኣቕረቡዎ (ሉቃ 2:22-40 ረአ)። ደሓር ግን ሰብ ጥበብ ካብ ምብራቕ መጺኦም ንሄሮድስ ኣበይ ከም ዝውለድ ምስ ሓተትዎ ኣዝዩ ስለዝሰንበደ ፣ ንኢየሱስ ክረክብ ኢሉ፣ ነቶም ኣብ ቤተልሔምን ከባቢኣን ዝነበሩ ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ተባዕቶት ቀልዑት ክቕተሉ መደበ። እቶም ሰብኣ ሰገል ምስ ከዱ ግን *"መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ፣ 'ሄሮድስ ነዚ ሕጻን ኪቐትሎ ይደሊ ኣሎ እሞ ተንሥእ ነዚ ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ግብጺ ሀደም፣ ክሳዕ ዝነግረካ ከኣ ኣብኡ ጽናሕ' በሎ"*(ማቴ 2:13)። ቅድስቲ ስድራ እንደገና ኃቢራ ናብ ዓዲ ጓና ክትጕዓዝ ተረኽበት። እቶም ነቲ ሕጻን ክቐትሉዎ ዚደለዩ ክሳዕ ዝሞቱ ከኣ ኣብ ስደት ጸንሐት። *"ሄሮድስ ምስ ሞተ፣ እንሆ ኣብ ግብጺ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ። 'እቶም ነዚ ሕጻን እዚ ኪቕትልዎ ዚደልዩ ሞይቶም እዮም እሞ ተንሥእ፣ ነዚ ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ በሎ. ንሱ ድማ ተንሢኡ ነቲ ሕጻንን ነዲኡን ሒዙ ናብ ምድሪ እስራኤል ኣተወ"* (ማቴ 2:19-21)። ገና ወዲ ሄሮድስ፣ ኣርኬላዎስ ኣብ ይሁዳ ነጊሡ ስለዝነበረ ግን ኣብ ክንዲ ንቤተልሔም ወይ ኢየሩሳሌም ዝኸዱ፣ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብዝሃቦም መምርሒ ነቲ ሕጻን ሒዞም፣ ከም ሓንቲ ብሥምረት እትጕዓዝ ሲኖዶሳዊት ስድራ ናብ ምድሪ ገሊላ ናብ ናዝሬት ከዱ። እቲ ኣብ ኦሪት *"ናዝራዊ ኪበሃል እዩ"* ዝተባህለ ምእንቲ ክፍጸም ከኣ ናብ ናዝሬት ኣቲዎም ኣብኣ ተቐመጡ። ዓመት መጸ ከኣ ኃቢሮም ንኢየሩሳሌም ይነግዱ ከምዝነበሩ ቅዱስ ሉቃስ የዘንትወልና (ሉቃ 2:41-52 ረአ)። ኢየሱስ ወዲ 12 ዓመት ኮይኑ ንኢየሩሳሌም ምስ ወለዱ ኣብ ዝነገደሉ ጊዜ ግን ዓብይ ጸገም ተፈጥረ። ንሠለስተ መዓልቲ ዝኣክል እታ ሥምርቲ ስድራ ንፋስ ዝኣተዋ መሲላ። ማርያምን ዮሴፍን ሰንቢዶም ከይበልዑ ከይሰተዩ፣ ከይደቀሱ እውን ወዶም ኣብ ምድላይ ተጸምዱ። ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ማእከል ሊቃውንቲ ምስ ረኸብዎ ከኣ፣ ኣዴኡ *"በል ወደይ፣ ስለምንታይ ደኣ ከምዚ ገበርካና? እንሆ ኣነን ኣቦኻን ተሸጊርና ክንደልየካ ቀኒና በለቶ"* (ሉቃ 2:48)። ኢየሱስ ግን ኣዝዩ ዘገርም መልሲ እዩ ዝሃቦም *"ንምንታይ እሞ ትደልዩኒ? ኣብቲ ናይ ኣቦይ ቤት ክህሉ ከምዝግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? በሎም"*(ሉቃ 2:49)። ቅዱስ ሉቃስ ቀጺሉ ንሳቶም ግና ነቲ ዝበሎም ዘረባ ኣይተረድኡዎን ይብለና። ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ከሕስቦም ኢሉ ነዚ ዘይርድእዎ ሕቶን መልስን ምስ ኣቕረበሎም፣ እንደገና *"ምስኦም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፣ ይእዘዞም'ውን ነበረ፣ ኣዴኡ ድማ ነዚ ኩሉ ነገር ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት። ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ"*(ሉቃ 2:52-52)። ብዙኅ ዘይበርሃላ ነገራት ስለዘጋጥማ እታ ሥምርቲ ስድራ'ውን ጸጸኒሓ ካብ ዘረባ ሱቕታ ትመርጽ እያ። መድኃኔ ዓለም ብፍቕሪ ዝጠመራ ተጕዓዚት ስድራቤት ግን፣ ኣብ ውዑይን ኣብ ዝሑልን፣ ሓንቲ ሥምርቲ ስድራ ኮይና እያ ንኩሉ ትነብሮን ትሰግሮን ።

እዛ ብሥምረት እትጕዓዝ (ሲኖዶሳዊት) ቅድስቲ ስድራ እንታይ ትምህረና? ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ተመክሮ ናይቶም ብኮኾብ ተመሪሖም ነቲ ሕጻን ክሰግዱሉ ዝመጹ ሰብኣ-ሰገል ወይ ሰብ ጥበብ ንርአ *(ማቴ. 2፡1-12)*። ሰብኣ-ሰገል መጀመርያ፣ ኣብ ትጽቢት እዮም ዝነብሩ ዝነበሩ። ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶም ንዝዓበየን ዝለዓለን ድኅነት ሓርነትን እናተመነዩ ብተሰፋ ስለ ዝተጸበዩን ዝጸንሑን፣ ምልክት ምስ ረኣዩ ከኣ ብድልየትን ብትብዓትን ስለዝተበገሱ፣ ኣብ ጕዕዞኦም ነቲ ዝመርሖም ዝነበረ ኮኾብ ክርእይዎን ከለልይዎን ከኣሉ። ኣብ ሰማይ ኣሽሓት ከዋኽብቲ ኣለዉ። እንተኾነ ነቲ ሓደ ናብ መድኃኔ-ዓለም ዝመርሖም ኮኾብ ፈልዮም ከለልዩን ኵሉ ሓዲጎም ንኣኡ ኪኽተሉን ዝሓገዞም እቲ ጽኑዕ እምነቶምን ተስፋኦምን እዩ። ኣብ ጕዕዞኦም፣ ብርግጽ ጽምእን ጥምየትን፡ ጸልማትን ኣራዊትን ብዙኅ ካልእ ዕንቅፋትን ኣጋጢሙዎም እዩ። ሓድሓደ ግዜ እቲ ዝመርሖም ዝነበረ ኮኾብ ካብ ኣዒንቶም ይኽወል ነበረ። ንሳቶም'ውን ኣብ'ቲ መንገዲ ከይሰግኡን ብዛዕባ ጕዕዞኦም ከይተጠራጠሩን ኣይተረፉን ይኾኑ። እንተኾነ፣ ሳላ ጽንዓቶም ነዚ ኩሉ ኣሸኒፎም፣ ነታ ንጉሥ ዓለም ዝተወልደላ ከተማ እናደለዩ ጕዕዞኦም ቀጸሉ። ኣብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሑ ናብ ንጉስ ሄሮድስ ኣትዮም መድኃኔ ዓለም ኣበይ ከምዝውለድ ሓተቱ። እንተኾነ ነቲ ኮኾብ ይኹን ንኢየሱስ ኣብ እንዳ ሄሮድስ፡ ኣብ ቤተ መቕደስ፡ ወይ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣይረኸብዎምን። ብኣንጻሩ ነቲ ኮኾብ-ጽባሕን ጸሓየ-ጽድቕን ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ቊሸት ኣብ እንዳ ሓሰር ረኸብዎ። ምስ ረኸብዎ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ተደፊኦም ሰገድሉ። ወርቂ ንንግሥነቱ፡ ዕጣን ንክህነቱ፡ ከርበ ንመሥዋዕትነቱ ወፍዮም፡ ብናይ ሄሮዱስ ተንኮል ከይተታለሉ ካብ'ቲ ንሶም ዝሃቡዎ ህያባት ኣዝዩ ዝዓበየ ክቡር ዕንቍ ሒዞም ንዓዶምን ናብ ንቡር ዕለታዊ ሕይወቶምን ተመልሱ። ንሕና ከኣ ንኣኦም መሲልና፣ ብዝተሓደሰ እምነትን ተሰፋን ፍቕርን፣ ብዓሚቕ ኅብረት፣ ብንጡፍ ሱታፌ፣ ብትጉህ ተልእኮ ክንጕዓዝ የድልየና። ኣብ'ዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ጕዕዞ ሲኖዶስ'ውን ቤተክርስትያን ካባና እትሓቶ ዘላ እዚ ተጸምዶ'ዚ እዩ።

ኣብ'ዚ በዓላት ልደትን ጥምቀትን፣ ኣብ መላእ ጕዕዞ ሲኖዶስና'ውን፣ ነፍስ ወከፍና፣ *"ኦ ብሥምረት ዝተጕዓዝኪ ሲኖዶሳዊት ቅድስቲ ስድራ፣ ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ፣ ነፍሰይን ልበይን ሕይወተይን እህበኩም ኣሎኹ፣ ወትሩ ምሳኹም ከምዝጕዓዝ ግበሩኒ"* እናበልና ክንጽሊ ይግባእ። ብሓቂ *"ሕጻን ተወሊዱልና፣ ወዲ ተዋሂቡና እዩ፣ ንሱ ከኣ ገዛኢና ኪኸውን እዩ። ንሱ 'ግሩም መኻሪ፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፣ ዘለዓለማዊ ኣቦ፣ መስፍን ሰላም ተባሂሉ ክጽዋዕ እዩ፣ ግዝኣት መንግሥቱ እናዓበየ ኪኸይድ እዩ፣ ብዘመን መንግሥቱ ድማ ኩሉ ጊዜ ሰላም ኪኸውን እዩ። ኣብ ዙፋን ንጉሥ ዳዊት ኮይኑ ኪገዝእ እዩ። ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብሓቅን ብፍትሕን ኪገዝእ እዩ"* (ኢሳ 9:6-7)። ሎሚ እውን እዚ መስፍን ሰላም መድኃኔ ዓለም፣ ኣብ ልብና ኣብ ገዛና፣ ኣብ ቊምስናና፣ ኣብ ርእሰ ኤጳርቅናና፣ ኣብ መላእ ቤተክርስትያንና ክውለድ እዩ ዝደሊ። ከም ማርያምን ዮሴፍን ልብና ከፊትና ብታሕጓስ ክንቅብሎ የኽእለና። ምስ'ቶም መላእኽቲ ኮይንና ድማ *"ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ"* ንበል። ንኩልና ከኣ ቡሩኽን ሕጉስን በዓለ ልደትን ጥምቀትን ይግበረልና።

+ [signature]

ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም፡

ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ፣

Metropolitan Archeparchy of Asmara